**ብምኽንያት ዕረፍቲ ኣራራት እዮብ መግለጺ ሓዘን ብግጥሚ**

ንጓለቦይ እዮብ ኣራራት ወየ ወየ
ተበገስኪ ዶ ዋዕሮ ጓል ሃገረየ
ወየ ካብ ብጉዳይ ሃገር ማዕኺ ዝተላለየ,






ዋዕሮ ኣብ ስደት ዶ ኮነት መወዳእታ
መኽበሪት ዋዕሮታት ጀጋኑ ሰማእታታ
ሓርነት ከይስተማቕረት ምስ መተዓቢታ
ተላብያ ሓሊፋ ብቓላታ ብቪድዮታታ,

ነዛ ዋዕሮ ወየ ክብለላ እቲ ንቡር
ጓል ኣቦይ እዮብ ሓያል መምግር
ንዓቢ ንኡስ ትሕብር ትምክር
ኣራራት ናይ ሓምሳታት ምስክር,

እንታይ ክወጾ ናትኪ ግጥሚ
ኩሉ ግጥሚታታ ሃናጺ ጠቓሚ
ካብተን መማህራና ሓሊፋ ሎሚ

ኣራራት ቪድዮታት ብድምጺ
ንወለዶ ሎሚክትምህሪ ትቀርጺ
ኣብ ሜሩኸቢ ብዙሓን ብግልጺ
ስእልኺ ለጢፍኪ ትምግሪ ተድምጺ,

መጻሕፍቲ ኣንቢባ ጺሒፋ
ታሪኽ ናብ ወለዶ ሎሚኣ ማሕላሊፋ
ፍትሒ ይንገስ ምስ ኪ ይፍረስ እንዳበለት ሓሊፋ,

ኣራራት ጓለቦይ እዮብ ካብ ተበገስኪ
መንግስተ ሰማይ የዋርስኪ
ንህሉዋት ጽንዓትን ጠሊን ንስድራቤትኪ
እቲ ሰማይን ምድርን ዝፈጠረ ኣምላኽ ኣብ ገነቱ ይቀበልኪ,

ኣብ ቪድዮታት ተቐሪጹ ኣሎ

ታሪኽ እቲ ዘዋህለለቶ ተማኩሮ,
ኣስተምህሮ ብኣራራት እዮብ ዋዕሮ
ንስተማቕሮ ኣብ የእምሮና የሕድሮ,

ክብርን ሞጎስን ንጀጋኑ ሰማእታትና, ዓወት ነቲ ደም ዝነብዕ ዘሎ ህዝቢ ኤርትራ, ስዕረት ንጃንዳ ህግደፍ ዓንገልቶምን፡ ፡

ብሽም ኩለን ዋዕሮታትን ሓርበኛታትን, ገጣሚ በርሀ ዑቅባዝጊ ሃገር ጀርመን፡ ፡